# *ጉዳይ ኣቶ መስፍን ሓጎስ ሕንቅሊ ሕንቂሊተይ፣*

*ኣቶ መስፍን ሓጎስ ንህወሓት ከድሕን ድዩ ትግራይ ከይዱ፣ ወይስ ዓቢዱ።  ንህደፍን ህወሓትን ከተዓርቕ ድዩ ከይዱ፣ ወይስ ተሰዲዱ። እዚ ኸይኑ እቲ ናብ ወያነ ምኻዱ ባዕሉ ተዋሪዱ። ካብ ተባዕ ተዋጋኣይ ናብ ሕሱር ተምበርካኺይ። ዓ ገ ብ።  ገሊኤን ኣደታትናስ ክንደይ ተዋሪደን። ዋዓሩ ከለዋስ ኣኽላባት ወሊደን?  ኣብ ፈይስ ቡክ ዝረኤኹዋ ሓንቲ ጽሕፍቲ” እንታይ ድኣ እዚ ጻሕሊ ጥርሑ?  መልሲ በቶም ቕድመኻ ዝነበሩ ለሓስቲ ተላሒሱ ተወዲኡ ትብል። ብጣቕሚ ዘሕዝን እዩ።  ኣቶ መስፍን ሓጎስ ህወሓት ኣብ ዝሓረረ ጻሕሊ ዝነቐጸ ቋቛ ሓንኩኻ ትበልዓሉ ዘላ ደረጃ ምስኣ ምምኻሩ ኣይገርመኩምን እንዶ? እቶም ሰዓብቱን ኣማኽርቱን'ከ በዓል መን እዮም?*

*ጅግና ተባዕ ሓርበኛ ተጋዳላይ መልኣከ ተኽለ ናብቲ ተሰዋኣሉ ቦታ ክኸይድ ከሎ፣ እቶም ኣባብላት ገድላዊ ባይቶ ዝነበሩ ብጾቱ፣ ኣጆኻ ኣብ ጎንኻ ኣሎና ኢሎም እዮም ኣፋንዮም። ዓብደላ ኢድሪስ ንመልኣከ ቀቲሉዎ ምስ ሰምዑ ግን ነቲ ንዕኦም ኣሚኑ ምስኦም ዝነበረ ሰራዊት ከይነገሩን ከይወገኑን ሙሉቕ ኢሎም ንሱዳን ካብኡ ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ተሰዲዶም ሰዉእ ጅግና ተጋዳላይ መልኣከ ተኽለ ረሲኡ ኣብዘይርከበሉ ኣብ ሓመዱ፣ እቶም ዝጠለሙዎ ባኖታት ተኸዲኖም ከራባታ ኣሲሮም ሽነን እብሉ ኣለዉ።*

*ኣቶ መስፍን ሓጎስ ካብዚ መሪር ታሪኽ ክትመሃር ተስፋ እገብር። እቶም ኣብ ዝተፈላለያ ናይ ዕሱባት መርበብ ሓበሬታታት ኮይኖም ሎሚ ጅግና ጀነራል መስፍን ሓጎስ ዝብሉኻ ዘለዉ ጽባሕ ኣይግበሮምበር ገለ ነገር ምስ ዘጋጥመካ ብድሕረኻ ስምካ'ውን ኣይክሰምዩን እዮም። ህወሓት ንገዛእ ርእሳ ዕረቑና ፍቓድኩም ንመልእ፣ ብኹሉ ተቐቒርና፣ ኣምላኽ ምሕረትካ ሃበና እናበለት ኣብ ትልምነሉ ዘላ እዋን ታሪኽካ ምምርሳሕ ውጺኢቱ ሕስረትን ሕፍረትን እዩ። ወይ ዘይተፈልጠ ሚስጢር እንተሎምበር ሰብዶ ከም ጣንጡ እናራኣየ ኣብ ሓዊ ይኣቱ እዩ።  እዚ ጽሑፍ'ዚ ብዓይኒ ጽልኢ ከይተራእየ ትሕዝቱኡ ብልክዕ ከይተተርጎመ ከም ጸርፊ ንኸይወስድ የምሕጸን።*

*ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንኹሎም ሰማእታትና ኤርትራ።*
*ዓወት ንሓፋሽ፣*
*ገብረንጉስ መስመር፣*